# ተጻባእቲ ባእታት ብትንግርታዊ ሓሶት ዝምርቖኑ

ብገብረ ፍስሓጽዮን (ሆላንድ)

ንገለ ሰባት መርቂኖም ኣለዉ ክንብሎ ም ከሎና ንግዝያዊ ስሚዒቶም ዘርውይ ታሕጒስ ክረኽቡ ከለዉ ኢዮ። ንኣብነት ከም በዓል ዕጹ-ፋርስ፡ ኣብ casino ብምኻድ ምቑማር፡ ዘስካሕክሕ ኣብ ልዕሊ ሰባት ግፍዒ ምፍጻምን ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ወይ ትካላት ወይ ሃገራት ሓሶት ብምዝርጋሕን ምጽላምን ወይ ምክፋእ ገለ ካብቶም ንደቂ ሰባት ግዚያዊ ታሓጒስ ብምፍጣር ክምርቖኑ ካብ ዝገብሮም ሓደገኛ ነገራት ኢዮም። እዚ ከምዚ ዓይነት ጠባይ ርእሱ ዝኸኣለ ሕማም ኮይኑ ኣብ ሕብረተሰብ ብዙሕ ማሕበራዊ ጸገማት ከምዘምጽእ ንኹሉ ሰብ ርዱእ ኢዩ።

ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ኣተኩሮ ክንገብረሉ ዘድልይ፡ ብዛዕባ ኤርትር ጽውጽዋይ ወይ ናይ ሓሶት ፈጠራዊ ሓበሬታ ብምዝርጋሕ ብዛዕባ ዝምርቖኑ ሰባት ኢዩ። ሓደ ናይ ቀረባ ኣብነት፡ ብዛዕባ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ዝተዘርግሐ ናይ ቮሊቦል ጠባይ ዘለዎ ናይ ቐትሪ ሕልሚ ዝኾነ ናይ *"ሓሶት"* ዜና ኢዩ። ናይ ወያኔ ናይ ዜና ማዕከናት፡ ትግራይ ኦን ላይን መርበብ ሓበሬታ (Tigray online)፡ ሬድዮ ኤሬና፡ ሬድዮ ወጋሕታ፥ መርበብ ሓበሬታ ኣሰናን ካልኦትን ስራሕ ጽዕቐወን ከዕለብጣ እየን ተራእየን። ብዛዕባ ብሻ ፈጠራዊ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ፡ ከምኡ'ውን ገለ ነፈርቲ ኩናት ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኤርትራ ደብዳብ ከምዘካየዳ ዝሕብር፡ ዘይእመንን ዘገርምን ሓበሬታ እናተቃባበላ ክዝርግሓ ቐንየን ኢየን። ነዳይ ናይ ልቡ ይሓልም ከምዝብሃል፡ ነዚ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ብዝሑ ትርጉም ከይተዋህቦ፡ መድሃኒት ዘይብሉ ሕማም ክባሃል ጥራሕ ኢዩ ዝከኣል።

ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ህሉው ኩነታት ካብ 52 ሃገራት እፍሪቃ ካብ ዘሎ ኩነታት ከም ሓንቲ ደሴት ፍሉይ ኣቢልካ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት፥ መደባት ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ስደት መንሰያት ካብ ሓቂ ብምህዳም ትንግርታዊ ዝኾነ ክእመን ዘይክኣል ናይ ፈጠራ ጽውጽዋይ ዝዝርግሑ ኢዮም። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ኣፍሪቃ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ክነሱ፡ ካብ ኣብ ድቡብ ሱዳን ኬንያ ማሊ ብፍላይ ከኣ ኣብ ናጀርያ ካብ ዘሎ ኩነታት ዝኸፍእ ምዃኑ ገርካ ክቐርብ ተፈቲኑ ኢዩ።

ናይ ኤርትራ ተጻባእቲ ባእታታት ኣብ ሰለስተ ክንከፍሎም ይከኣል ኢዩ። 1, ናይ ሞዕራብ ሃገራት ናይ ዜና ማዕኸናት 2. ናይ ስርዓት ወያነ ናይ ዜና ማዕኸናት 3. ናይ ኤርትራ "ደምበ ተቓውምቲ" እና በሃልቲ እዮም። ሽሕ'ኳ ደረጃኦም ዝፈላለ እንተኾነ፡ ኣብ ዕላማኦም ግን ምምስሳል ክህልዎም ይኽእል ኢዩ። ንኣብነት ናይ ምዕራብ ዜና ማዕኸናት ንጹር ዕላማ፡ ኣባራዒ፡ኣናዓቢን ኣራሳሳኒን ዝኾነ ዘይርጉጽነት ሓበሬታ ብምዝርጋሕ ኣብ መንጎ ህዝቢ ጎንጺ ንምፍጣር ኢዩ። ብድሕሪኡ እቲ ዝደልይዎ ሰርዓት ምትካል ኢዩ። ናይ ስርዓት ወያኔን እቶም ብነዳዲ ወያነ ዝንቀሳቀሱን ወያኔ ኣብ ዝተኸሎ ጒይላ ዝስዕስዑ ናይ ኤርትራ ደምበ ተቓውምቲ ኢና ባሃልቲ ሓደ ዓይነት ሕማም ኢዩ ዘለዎም። ብርቱዕ ናይ ኣእምሮ ሕዱር ሽግር ስለዘለዎም ልክዕ ከም ካብ ሞርፊን ዝተሰርሐ ዘደቅስን ቃንዛ ዘዝሕልን ፈውሲ መተካእታ ገይሮም ዝርእይዎ (ዝወስድዎ) 'ብዛዕባ ኤርትራ ናይ ፈጠራዊ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምዝርጋሕ ኢዩ።

ወግሐ ጸብሐ ብዛዕባ ኤርትራ ጸለመን ናይ ሓሶት ሓበሬታ ብምዝርጋሕ ንኣእምሮኦም ዜደንዝዝ ወይ ዜዘናብል ብቐሊሉ ዘይገድፍ ወልፊ ብምጥራይ ንኤርትራ ገንሸል ብምግባር ክምርቖኑን ቃንዝኦም ክርስዑ ወይ ክዘሓሕሉ ይፍትኑ። ከምዚ ዓይነት ሕማም (ካብ ኢቦላ ዝኸፍኣሕማም) ክልተ ሸውዓተ ብምሕጻብ ዝሓውይ ኣይኮነን።

እዚ ክሉ ፈተነ ንምንታይ ኢዩ? እዚ ኣንጻር ቁጠባዊ መደባትናን ነጻ መስመርናን ዝቕንዔ ሕሱር ፈተነ ኢዩ።ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ኩሉ ሽርሕታትን ዘይሕጋዊ እገዳን ፈተነ ተነጽሎ ዝፈሸለ፡ ሳላ ኩሉ ህዝቢ ዝሳተፎ ጥሙር መኸተን ንዝመጸ ሓደገኛ ንፋስ ክገትኦ ኢዩ።

ህዝብን ኤርትራን መንግስትን ክኾርዓሎምን ክሕበነሎም ዝኽእሉን ንካልኦት ሃገራት ከገርሙ ዝኽእሉ፡ ብዙሓት ናይ ልምዓት መደባት ተሳላሲሎም ኢዮም። ኣብ ልምዓት ብምትኩር፡ ነዞም ዝምርቖኑ ወይ ናይ ፈጠራ ወሬ ክፍጥሩ ብቕትሪ ዝሓልሙ ካብ መንገዲ እልይ ኣንዳኣበልና፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ምርግጋጽ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዝተራእየ ጅግንነትን ጽንዓትን ሕጅውን ኣብ ምሕያል ሃገራዊ ጥምረትን ምዕዋት መደባት ልምዕትን ቃልሲና ምቕጻል ጥራሕ ኢዩ ዘድልየና።

ዓወት ንሓፋሽ